ኤርትራዊ ስምረት ንደሞክራስያዊ ለውጢ الوحدة الارترية للتغيير الديمقراطي
Eritrean Unity for Democratic Change

# መግለጺ ሓዘን

ኤርትራዊ ስምረት ንደሞክራስያዊ ለውጢ (ኤስደለ) ገዲም ተጋዳላይ ጃዕፈር ዓሊ ኣሰድ ብ27 ሕዳር 2013 ካብዚ ዓለም ብመስዋእቲ ምፍላዩ ዝተሰምዖ መሪር ሓዘን ይገልጽ። ተጋዳላይ ጃዕፈር ዓሊ ኣሰድ ካብ ግዜ ንእስነቱ ጀሚሩ ምእንቲ ነጻነት ህዝቢ ኤርትራ ምርግጋጽ፡ ኣብዚ እዋንዚ ድማ ደኺመ ከይበለ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ብምውጋድ፡ ኣብ ኤርትራ ደሞክራስን ፍትሕን ንምንጋስ እናተቓለሰ'ዩ ካብዚ ዓለም ብመስዋእቲ ተፈልዩ። ጃዕፈር ዓሊ ኣሰድ ብዝነበሮ ምሁራዊ ዓቕምን ውህሉል ተመክሮን ንህዝቢ ኤርትራ ሰላምን ራህዋን ንምርግጋጽ ብኩሉ ተወፋይነት እጃሙ ከበርከት ዝጸንሐ ብምዃኑ፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ብመስዋእቲ ምፍላዩ፡ ንቃልሲ ብሓፈሻ ንመላእ ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጢ ድማ ብፍላይ ዓቢ ክሳራ'ዩ።

በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ከኣ፡ ኤርትራዊ ስምረት ንደሞክራስያዊ ለውጢ (ኤስደለ) ንመላእ ስድራ-ቤቱን ናይ ቃልሲ ኣዕሩኽቱን ጽንዓት ክህቦም፡ ገዲም ተጋዳላይ ጃዕፈር ዓሊ ኣሰድ ድማ መንግስተ ሰማይ ክወርስ ዘለዎ ትምኒት ይገልጽ። ኤርትራዊ ስምረት ንደሞክራስያዊ ለውጢ (ኤስደለ) ሕድሪ ኩሎም'ቶም ምእንቲ ህዝቢ ኤርትራን ሓርነቱን ሂወቶም ዝበጀዉ ጀጋኑ ሰማእታት ኤርትራ ተሰኪሙ፡ ነቲ ገዲም ተጋዳላይ ጃዕፈር ዓሊ ኣሰድ'ውን ብወገኑ ምሉእ ዕድሚኡ ብተወፋይነት ዝተቓለሰሉ ቅዱስ ዕላምታት ኣብ ሽቶኡ ንምብጻሕ ቃል ይኣቱ።

ፈጻሚ ኣካል
ኤርትራዊ ስምረት ንደሞክራስያዊ ለውጢ (ኤስደለ)
29 ሕዳር 2013